# <u>ግብረሽበራዊ ስርሒት ፋሺሽቲ ኢሳያስ ንኹንን</u>

*ግብረሽበራዊ ስርዓት ፋሺሽቲ ኢሳያስ ኣብ ዓፋር ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያዉያን ኣዉሮጳዉያንን ሰላማዉያን ሰባት ዝፈጸሞ ናይ ሽበራን ዓመጽን ወንጀልን ኣትሪርና ንኹንን። ብተወሳኺ ሽሞንተ ኢትዮጵያዉያን ብዘይ ቅድመ ኹነትን ብህጹጽን ንኽፍትሑ ንጽዉዕን ነተሓሳስብን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ፋሺሽታዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንጉዳይ ዜጋታቱ ምኽንያት ጌሩ ኣብ ዝወስዶ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ፡ ወትሃደራዊ ስጉምቲ ደገፍቱ ምኻንና ነነጽር።*

*ስርዓት ኢሳያስ ዝፍጽሞም ዘሎ ዝኾነ ይኹን ሽበራዊ ገበናት ንህዝቢ ኤርትራ ዘይምልከትን ዘይዉክልን ምኻኑ እንዳሓበርና ብዝያዳ'ዉን ኤርትራዊ ህዝቢ ንባዕሉ ብሕሱም ግፍዓዊ ምሕደራን ጭካነ ብዝመልኦ ኣዝዩ መሪር ናይ ቅትለትን ናይ ማእሰርትን ስጉምትታት ርዒዱ ተምበርኪኹ ይግዛእ ዘሎ ህዝቢ ምኻኑ ኢና ንማንም ክንሕብር ንፈቱ። ከምኡ ስለዝኾነ'ዉን ፋሺሽቲ ኢሳያስ ብጥሙር ሓይሊ ኤርትራዉያንን ኢትዮጵያዉያንን ንኽዉገድ ቅድሚ ሕጂ ጸዊዕና ኢና፡ ሕጂ'ዉን ንጽዉዕ ኣሎና።*

*ናይ ፋሺሽቲ ኢሳያስ ኣጀንዳ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓይሊ ኣምበርኪኻ ምግዛእን ከምኡ'ዉን ንኢትዮጵያ በታቲንካ ምድኻም ምኻኑ ዘይንጠራጠረሉ ብመጽናዕቲ ዘረጋገጽናዮ ጭቡጥ እምነትና እዩ። ስለዝኾነ'ዉን ፋሺሽቲ ኢሳያስ ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ማለት ናይ ህዝቢ ኤርትራን፡ ህዝቢ ኢትዮጵያን ናይ ሓባር ጸላኢ ስለዝኾነ ብናይ ሓባር ቅልጽም ክዉገድ ኣለዎ ኢልና ንኣምን። ፋሺሽቲ ኢሳያስ ኣብ ስልጣን ክሳዕ ዘሎ ኣብ ከባቢና ሰላምን ምዕባለን ክህሉ ይኽእል እዩ ኢልና ብፍጹም ኣይንኣምንን። ደጊምና ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ፋሺሽቲ ኢሳያስ ወዲቖም ዘለዉ ሽሞንተ ኢትዮጵያዉያን ኣሕዋትና ብህጹጽ ንኽፍትሑ ንጽዉዕ።*

*ኣብ ሞንጎ ኤርትራዉያንን ኢትዮጵያዉያንን ዝምድና ይደልድል*!!!

03-18-2007
*ረዘነ ሃብተ*
*ቢንያም ፍጹም*
*ኤርትራና.ኮም*